# ወለዲ ንመዋእለ ሕጻናት ዝኸፍልዎ ዝወሓደ ኽፍሊት

ንስድራቤታትን ትሑት እቶት ንዘለዎም ቤተሰብን ዝግበረሎም ክልተ ዓይነት ናይ ክፍሊት ምትዕራይ ኣሎ።

ዝወሓደ ክፍሊት መዋእለ ሕጻናት

ዓመታዊ እቶት ስድራቤትካ ካብ 366,667 ክሮነር ንታሕቲ እንተኾይኑ፡ ናይ መዋእለ ህጻናት ክፍሊት ክንከየልካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እቲ ምንካይ ክፍሊት ኣብቲ ምሉእ ዋጋ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ከሎ፡ ዝኾነ ስድራቤት ንመዋእለ ሕጻናት ካብ ድምር ሓፈሻዊ ኣታዊኣ ልዕሊ 6% ክኸፍል የብሉን።

እቲ ዋጋ እቶም ኣብቲ እቲ ቈልዓ እተመዝገበሉ ኣድራሻ ዝነብሩ ሰባት ቅድሚ ግብሪ ምኽፋሎም ዝረኸብዎ ሓፈሻዊ እቶት መሰረት ብምግባር እዩ ዝሕሰብ። እቶም ስድራቤት ዝብሃሉ፡ ምርዑዋት ሰብ ሓዳር፡ ብሕጊ እተመዝገቡ መጻምድቲ፡ ብሓባር ተኣኻኺቦም ዝነብሩን የጠቓልል።

ናጻ ናይ ንጥፈታት ግዜ

ብተወሰኺ ገሊኦም ሕጻናት ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ኣብ ሰሙን 20 ሰዓታት ብናጻ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። እዚ ድማ ናጻ ናይ ንጥፈታት ግዜ ይብሃል። እቲ ናጻ ናይ ንጥፈታት ግዜ ናይ ምርካብ መሰናድዎ እዚ፡ ነቶም ናይ ክፍለ ግዜ ኾነ ናይ ምሉእ ግዜ ቦታ ዘለዎም ኵሎም ዝምልከት እዩ።

ኵሎም እቶም ደቂ 2፡ 3፡ 4፡ 5 ዓመት ዝኾኑ ከምኡውን እቶም ደንጕዮም ቤት ትምህርቲ ዝጅምሩ ቈልዑ፡ ኣብ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ስድራቤታት ዝነብሩ እንተኾይኖም፡ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ኣብ ሰሙን 20 ሰዓታት ብናጻ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። እቶም ስድራቤት ድምር ጠቕላላ ኣታዊኦም ትሕቲ 642,700 ክሮነር እንተኾይኑ ነዚ ናጻ ናይ መዋእለ ሕጻናት ሰዓታት ክሓትቱ ይኽእሉ እዮም። እንተ ተፈቒዱልካ፡ ኣብቲ ፋክቱራ ናይ 20 ናጻ ሰዓታት ምንካይ ክትረክብ ኢኻ።

ክፍሊት ክጐድለልካ እተመልክተሉ መገዲ

እቲ ናይ ዋጋ ብጐዳል ለውጢ ካብ ነሓሰ ጀሚሩ ኣብ ፋክቱር ንኽምዝገብ ክሳብ 1 ሰነ ኣብ ዘሎ እዋን መመልከቲ ከተቕርብ ኣሎካ። እቲ ኮሙነ ድሕሪ እዚ ዕለት እዚ እውን ንዝቐርበሉ መመልከቲታት ይቕበል እዩ፣ እቲ ውሳነታት ድማ ካብታ መመልከቲ ድሕሪ ምቕባሉ ቐጺላ ዘላ ወርሒ ጀሚሩ ተግባራዊ ይኸውን።

- ነቲ መመልከቲ ኣብዚ ዝስዕብ ክትመልኦ ትኽእል ኢኻ፦ https://foresatt.visma.no/tonsberg ኣብዚ ድማ ኮሙነ ቶንስበርግ ኣታዊ ናይቲ ስድራቤት ካብ መዝገብ ግብሪ መንግስቲ ንኽወስድ ፍቓድ ትህብ።
- እቲ ቅጥዒ ብዘዕባ ናይ ወለዲ/ኣላዪት/መጻምድቲ ድምር ሓፈሻዊ ውልቃውን ርእሰማላውን እቶት ዝምልከት ሓበሬታ ከጠቓልል ኣለዎ፣ እዚ ድማ ንመጠን ክፍሊት ንምሕሳብ መሰረት ይኸውን። እዚ ኸኣ እቶም መጻምድቲ ብሓባር ዝወለድዎም ቈልዑ ዘይብሎም እንተኾይኖ እዋን እውን ይምልከት።
- እቲ ቈልዓ ኣብ ክልተ ቤት ዝነብር እንተኾይኑ፡ እቲ ናይ ወላዲ ክፍሊት በቲ እቲ ቈልዓ ምስ ኣየናይ ስድራቤት ከም ዝነብር ኣድራሻኡ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ዝተመዝገበሉ ስድራቤት ብዘለዎም ኣታዊ መሰረት ይሕሰብ።
- መዋእለ ህጻናት ኣብ እተጀመረሉ እዋን ዝመጽእ መመልከቲታት፡ ካብታ እቲ መመልከቲን ኵሉ ዘድሊ ሰነዳትን ዝቐረበላ ወርሒ ስዒባ ዘላ ወርሒ ጀሚሩ ተግባራዊ ይኸውን፣ ንድሕሪት ተመሊስካ ንዝሓለፈ ወርሕታት ኣይምልከትን።

ሰነዳት እቶት

- ናይቶም ሰብ ሓዳር፡ ማለት ናይቶም ብሓባር ዝነብሩ ወለዲ/ኣለይቲ/መናብርቲ/መጻምድቲ ዝምልከት ጸብጻብ ግብሪ። መናብርቲ (ሳምቡር) ዝብሃሉ፡ ብሓባር ዝነብሩ ክልተ ዘይተመርዓዉ ሰባት ክኾኑ ኸለዉ፡ ኣብ ዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ እንተ ወሓደ ን12 ኣዋርሕ ኣብ ከም ሓዳር ዝመስል ዝምድና ብሓባር ዝነበሩ ወይ ድማ ብሓባር ቆልዑ ዝወለዱ እዮም።
- ካብቲ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ግብሪ ንደሓር እቲ እቶትካ ተቐይሩ እንተ ኾይኑ፡ ብዘይካ እቲ ሰነድ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ግብሪ፡ እቶትካ ኸም እተቐየረ ዘርኢ ሰነድ እውን ከተቕርብ ኣሎካ።
- ጸብጻብ ግብሪ ዘይብልካ እንተኾይኑ፡ ናይ NAV ውሳነ፡ ናይ ዝሓለፈ 3 ጸብጻብ ክፍሊት ደሞዝካ፡ ኣብ መደብ መላለዪ ስደተኛታት ንዘለዎ ዝወሃብ ናይ ደገፍ ክፍሊት መረጋገጺ፡ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ሰነድ ልኣኽ።